## ገለ ጐድናውያን ሳዕቤናት ኣለውዎ ዶ?

መርፍእ ኣብ እተወግኣሉ ክፋል ኣካላት መጠነኛ ሕበጥ፡ ምቕያሕ ቆርበት ወይ ድሕሪ ምትንካፍ ዝስዕብ ቃንዛ ክረኣ ንቡር እዩ። ኣብ ገሊኣቱ ቃንዛ ዘይብላ ዕንፍሩር እውን ትወጽእ እያ። ይኹንምበር ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰሙናት እያ እትጠፍእ። እቶም ዝያዳ ዕቱባት ዝበሃሉ ሳዕቤናት ሳሕቲ ዘጋጥሙ ኲይኖም ረስኒ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ኵነተ-ዘይንቑሕነት ኣእምሮ ወይ ሃለዋት ምስሓት፡ ስምዒት ጽልኣት፡ ከምኡውን ምሕባጥ ጽክታት ጭዋዳ ዘጠቓልሉ እዮም።

ነዚ ክታበት እዚ ድሕሪ ምውሳድኩም ምስዝጽልኣኩም ፓራሴታሞል ውሰዱ። ኣብ ጥርሙሳዊ መትሓዚ ወይ ባኮ ናይ መድሃኒት ተጻሒፉ ንዝርከብ መምርሒ ኣወሳስዳ ብጥንቃቐ ነንብቦ፤ ከምኡውን ምስ ዕድሜና ዝኸይድ ልክዕ መድሃኒታዊ ዓቐን ንውሰድ። ኣድላዪ ምስዝኸውን፡ ካብ 4 ክሳብ 6 ሰዓታት ጸኒሕና ድማ ካልኣይ መድሃኒታዊ ዓቐን ንውሰድ።

ካልኣይ መድሃኒታዊ ዓቐን ድሕሪ ምውሳድና ረስኒ ኣካላትና ገና ልዕል ዝበለ ምስዝኸውን፡ ሓፈሻዊ ሓኪም ንዝኾነ ዶክተርና ነዘራርብ ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 111 ናብ ሃገራዊ ትካል ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና (NHS) ንደውል።

እትጥርጥርዎም ጐድናውያን ሳዕቤናት ናይ'ዚ ክታበት ምስዝህልዉ፡ ብዛዕባኦም ዝመጸ ብመገዲ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ብጫ ካርድ (Yellow Card)፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 0800 731 6789 ብምድዋል (ካብ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘለዉ መዓልትታት) ወይ ድማ መተግበሪ ናይ ብጫ ካርድ (Yellow Card app) ኣውሪድኩም ብምጽዓን ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። **www.mhra.gov.uk/yellowcard**

**ንኹላቶም ክታበታት ኣብ ግዜኦም ትወስድዎም ምህልውኩምን ዘይምህላውኩንም እትፍትሹሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ሕጂ እዩ።**

**ክታበት ንነኣሽቱ**

**ክታበታት NHS (ትካል ሃገራዊ ኣገልግሎታት ጥዕና)**

ንክታበት ኲተትየታት ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ምስዘድልየኩም፡ ናብ **www.nhs.uk/vaccinations** እተዉ ወይ ኣብ **https://qrco.de/YoungPeopleImms** ኣንብቡ



**ነቶም ዝሓለፉኹም/ዘይወሰድኩሞም መድሃኒታዊ ዓቐናት ክታበት ተመሊስኩም ብምውሳድ ኣብ ስሩዕ እዋን ከተርክቡ ገና ዕድል ኣሎ።**

ኣፍላዪ ናይ'ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ትካል ጥዕናዊ ድሕነት ዓዲ-እንግሊዝ እዩ።

© Crown copyright 2023. 1P 100K JULY 2023 (APS). Product code: YP3BG1TIG Tigrinya. UK Health Security Agency gateway number: 2023187.

እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ካብ'ዚ ዝስዕብ ምንጪ ብትእዛዝ ክርከብ ወይ ኣውሪድካ ክንበብ ዝከኣል እዩ፦ www.healthpublications.gov.uk፤ ናብ'ዚ ብምድዋል፦ 0300 123 1002 (መስመራት ተሌፎን ዝኽፈቱሉ ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 6:00 ድ.ቀ. - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ)።

ኣብ ወረቐት እተሓትሙ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ቅዳሓት ናይ'ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብትእዛዝ ንኽወሃቡ ድሉዋት እዮም።

እተተርጐሙ ቅዳሓት ናይ'ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ እውን ብትእዛዝ ንኽወሃቡ ድሉዋት እዮም።

UK Health Security Agency

# Td/IPV 3 ክታበታት ኣብ 1 እተጸንበሩሉ ንኲተትየታት ዝወሃብ ኣበራታዒ ክታበት



ዕድሜኹም 14 ዓመት ኣብ ዝመልኣሉ ወይ ኣብ መበል 9ይ ዓመት ትምህርቲ ኣብ እትህልዉሉ እዋን፡ መድሃኒታዊ ዓቐን ናይ'ዚ 3 ክታበታት ኣብ 1 እተጸንበሩሉ ንኲተትየታት ዝወሃብ ኣበራታዒ ክታበት ቴታኑስ፡ ውሽጣዊ ረኽሲ ጐረሮ (ዲፍተሪያ)ን ፖልዮን ንኽትወስዱ ተቐባልነት ይህልወኩም። **ክታበት Td/IPV ኣካላትና ኣንጻር ረኽስታት ናይ'ዞም ሰለስተ ሕማማት ንዘለዎ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የሐይሎ። እዚ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ እዚ እናዓበና ኣብ እንኸደሉ እዋን እናደኸመ ክኸይድ ተኽእሎ ኣሎ።**

## እዚ ክታበት እዚ ካብ ከመይ ዝኣመሰሉ ሕማማት እዩ ዝከላኸለልና?

**T**

### ቴታኑስ

ቴታኑስ ንስርዓተ-መትኒ ኣካላትና ዝጸሉ፡ ማለት ቃንዛ፡ ዘይወለንታዊ ምንፍርፋር ጭዋዳታትን ጸገማት ምትንፋስን፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ሞት ዘስዕብ፡ ሕማም እዩ። ኣብ ሓመድ፡ ቀልቀል እንስሳታትን ተረፍ-መረፍ ኣትክልትን ዝርከቡ ታህዋስያን ብጭንዳሕ ንዳድ ናይ ቈርበትና ኣቢሎም ናብ ኣካላትና ንኽኣትዉ ዕድል ምስዝረኽቡ ዝኽሰት ሕማም እዩ። ቴታኑስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣይመሓላለፍን እዩ።

**D**

### ውሽጣዊ ረኽሲ ጕረሮ (ዲፍተሪያ)

ውሽጣዊ ረኽሲ ጕረሮ፡ ኲሉ ሳዕ ብመልክዕ ቀሊል ውሽጣዊ ቍስሊ ጕረሮ ጀሚሩ ኣብ ሓጺር እዋን ናይ ምትንፋስ ጸገም ከስዕብ ዝኽእል ከቢድ ሕማም እዩ። ኣብ ልዕሊ ጥዕና ልብን ስርዓተ-መትንን ሃስያ ከውርድ ዝኽእል ኰይኑ፡ ሳሕቲ ድማ ጠንቂ ሞት ኰይኑ ይርከብ።

**IPV**

### ፖልዮ

ፖልዮ ንስርዓተ-መትኒ ዘጥቅዕን ነባሪ መልመስቲ ጭዋዳታት ከስዕብ ዝኽእልን ዓይነት ቫይረስ እዩ። ፖልዮ ንጭዋዳታት ኣፍ-ልብን ሓንጎልን ምስዘጥቅዕ ሞት ከስዕብ ይኽእል።

እዚ ንኲተትየታት ዝወሃብ ኣበራታዒ ክታበት እዚ ‘ሬቫክሲስ/ Revaxis’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኰይኑ፡ ኣብ’ዚ ገጽ መርበብ እዚ ብምእታው ነቲ ንዕኡ ዝምልከት ንተሓከምቲ ሓበሬታ ዘስንቕ በራሪ ጽሑፍ ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም፡- **www. medicines.org.uk/emc/product/5581/pil**

## ኣብ እዋን ህጻንነተይ ክታበት ናይ ቴታኑስ፡ ውሽጣዊ ረኽሲ ጕረሮ (ዲፍተሪያ)ን ፖልዮን ወሲደ እንተ ነይረ፡ ሕጂ ኣካላተይ ምሉእ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ ዶ?

ኣይፋል፤ ከም መወሰኽታ ናይ’ቲ ኣካላትና ደሊብዎ ዝጸንሐ ካብ’ዞም ሕማማት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ፡ መመላእታ ናይ ኣባራታዒ ክታበት ምውሳድ የድሊ እዩ።

## ክንደይ ዝኣኽሉ ኣባራታዕቲ ክታበታት ክወስድ እዩ ዘድልየኒ?

እቲ ኣካላትና ደሊብዎ ዝጸንሐ ካብ’ዞም ሕማማት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ክዕቀብ እንተኹይኑ፡ ብድምር 5 መድሃኒታዊ ዓቐን ክታበታት ቴታኑስ፡ ውሽጣዊ ረኽሲ ጕረሮ (ዲፍተሪያ)ን ፖልዮን ክንወስድ የድሊ።

ኣቐዲምኩም ወሲድኩሞም ክትጸንሑ ዝግባእ፡-



**እቶም ናይ ፈለማ 3 መድሃኒታዊ ዓቐናት**
ከም ንኣሽቱ ህጻናት



**መድሃኒታዊ ዓቐን ቍ. 4**
ዕድሜና ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመት ኣብ ዝኾነሉ እዋን፤ እዚ ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ኣባራታዒ ክታበት እዩ



**መድሃኒታዊ ዓቐን ቍ. 5**
ኣብ 9ይ ዓመት ትምህርቲ ክወሃብ ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ
(ካብ 13 ክሳብ 14 ዓመት ንዝዕድሚኦም)

## ኣብ መጻኢ ተወሰኽቲ ኣበራታዕቲ ክታበታት ክወስድ ከድልየኒ ድዩ?

ተወሰኽቲ ኣበራታዕቲ ክታበታት ናይ’ዞም ሕማማት ክትወስዱ ኣድላዪ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን’ምበር፡ ናብ ገለ ሃገራት ክትገሹ እንተኼንኩም ወይ ገለ ሓደጋ ምስዘጋጥመኩም፡ ገለ ተወሰኽቲ ኣበራታዕቲ ክታበታት ክትወስዱ ከድልየኩም ይኽእል እዩ፤ ስለዚ ተወሳኺ መርፍእ ክታበት ቴታኑስ ክትውግኡ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ’ቲ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና (GP surgery) ንዝነጥፉ ነርሳት ንወከስ።

## እዚ ኣበራታዒ ክታበት Td/IPV ብኸመይ እዩ ክወሃበኒ?

ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቅልጽምና 1 መርፍእ ክንውጋእ ኢና። መርፍእ ክውጋእ ባህ ዘብሎ ሰብ እኳ እንተዘየሎ፡ ኣዝዩ ቅጽበታዊ እዩ። እቶም ኣብ ጠቕሚ ዝውዕሉ መራፍእ ኣዝዮም ነኣሽቱ ብምዃኖም፡ ትሑት መጠን ሽቕታ መርፍእ ጥራይ እዩ ዝስምዓና። መርፍእ ንኽንውጋእ ገለ ፍርሒ እንተተሰሚዑና፡ ቅድሚ ምውጋእና ንነርስ ወይ ንዶክተር ንሓብር።

## ሕጂ ክወስዶም ዝግባእ ኣልኦት ክታበታት ከ ኣለዉ ዶ?

ኣበራታዒ ክታበት Td/IPV ክትወስዱ እንከለኹም፡ ክታበት MenACWY ንኽትወሃቡ እውን ተቐባልነት ክህልወኩም እዩ። ነዚ ክታበት እዚ ትምህርቲ ቅድሚ ምውዳእና ክንወስዶ ይግባእ። እዚ ክታበት እዚ እንተሓሊፉና እሞ ገና ኣብ ትምህርቲ እንተሃሊና፡ ንነርስ ናይ ቤት-ትምህርትና ንሓብር። ትምህርቲ እንተወዲእና፡ መተካእታ ናይ ዝሓለፈና ክታበት ንኽንወስድ ነቲ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና ክንውከስ ይግባእ። ካልኦት ክታበታት፡ ማለት እንተላይ ናይ HPV ከምኡ’ውን ናይ MMR (ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩቤላን)፡ ኣብ እዋኖም ወሲድናዮም ምህላውና ንምርግጋጽ ነቲ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና ምውካስ ጽቡቕ እዩ።

**ናይ MMR ክታበት ብፍጹም ወሲድና ዘይንፈልጥ እንተኼንና፡ ሓደ መድሃኒታዊ ዓቐን ሕጂ፡ ካልኣይ ድማ ድሕሪ 1 ወርሒ ብምውሳድ ካብ ሕማማት ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩቤላን ውሑስነት ክንረክብ ይግባእ።**

